




# ኤሪትረያ ሃገረይ! ሓላል መሬት ትውልደይ!!!

## ዑቕባይ ገብረመድህን (ከምሪጅ፡ ማሳቹሰትስ፡ ሰ.ኣ.)

## ንዝኽሪ ዕለተ ናጽነት፡ ግንቦት 24፡ 2006 -ዝተጻሕፈ

********

*************************************

እቲ መዘና ዘይብሉ ግርምቢጥ ህይወት ክበሃል ዝከኣል፡ ዓመታት ድሕሪ ግንቦት 24፡ 1991 ዋጋ ክቡር መስዋእቲ ዝኾነት ሓርነት ንህዝቢ ኤርትራ ምብሳራ፣ ጓሂ ልቢ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኹ ከም ሎሚ ጌሩ ከቢዱ፣ ደረት ትርኢት ራኢኡ ክም ሎሚ  ጌሩ ጸልሚቱ ኣይፈልጥን። ነዚ ግዙፍን ረቂቕን ሓቂ ኩነታት ካብ መዓሙቕ በርቢሮም ብግቡእ ኪገልጹ ዚኽእሉ፡ ዝተወሃሃዱ፡ ሓሰር ንፋይ ዘይብሎም ቃላት ኪህነጹዶ ይኽእሉ ይኾኑ?! ኣብ ኢድ ለባማትን ናይ ቋንቋ ሊቃውንትን ኪህልዉ ግድን። ግን ከም ማይ ዓይኒ ዝጽርየቶም፡ ብቐጻሊ ዚውሕዙ ብቐሊል ክትረኽቦም ኣዚዩ ርቀት ይሓትት። ብፍላይ ብመልክዕ ግጥሚ ንኽትገልጾ፡ ግጥሚ ዝጠልቦ ኣገባብን ትሕዝቶን ካብ ስዲ ንባብ ዝጠልቦ ኣገባብን ኣገላልጻን ኣዚዩ ዝተፈለየ ብምኳኑ፣ ከም ጕዕሽ ዘይኮነ ከም ጽራይ ስዋ ነዊሕ ጊዜን ጥንቃቐን ይሓትት። ግጥሚ ፃዕቂ ሓሳብ ብውሑድ ቃላት ስለ ዚሕዝ፡ ብምስትውዓል ክትነቦን ክትደጋግሞን ይሓትት። እዚ ቀሪበልኩም ዘለኹ ጽሑፍ ግን ዘመድ ግጥሚ ጥራይ ኪኸውን እንተ ኸኣለ እኳ፡ ኣይተስተወሓዱዎ።

*********

ሓላል መሬት ትውልዲ ሃገይ! ከመይ ኣለኺ?
መዋእል እምበር ሓሊፉ ክደሊ ንዓኺ
ገና ኣይቀበጽኩን ክምለስ ናባኺ፤
ቀሲነ ክማሙቕ ኣብ ለዋህ ሑ   ቕፎኺ።

ተሓጕሰ ዝዓበኹልኪ ዕድመ ንእስነተይ
ኪኖ ውቅያኖስ እንተ ወሰደኒ እግረይ
ኣብ ስደት እንተ ኣሕለፉኩዎ ዝነውሒ መዋእለይ
ወትሩ ምሳኺ ኢያ እታ ፈቃር ልበይ።

ልዋም ሃገረይ ውቅብቲ ኤርትራ
ኣበይ ኣበሉ ምሁራትኪ ጊዜ ኣብ ምዕባራ
መንገብገብ ዘይኮኑኺ ዘስግሩ መከራ
ዋልታ ፍትሒ ኮይኖም ዘውጽኡኺ ሓራ።

ኲስኲስኪ የዕቢኺ ብፈገግታ ብርሃን

ኣለናልኪ ዘይብሉ፡ ዘይኮኑኺ ልሳን

*ኣቶ ኣተወብርሃን ሰጊድ ኢሉኪ ነይሩ ናይ ኣፍሪቃ ኩቕያ*
*ዓደየ -ዓደየ፣ ዓደይ ኤሪትረያ*
*ናይ ጥንቲ ልማዳ ስርዓት ደሞክራሲያ*
*መሬት ፍትሒ ክትከውን እዝጊ ዝሓረያ*
*ከም ሰዊት መስከረም ኩሉ ዝትምነያ።*

ፍትሒ ግዝኣተ ሕጊ ካብ ጥንቲ ዘቐምኪ
ትፍስህቲ ልቢ ኢኺ ኩሉ ዝብህገኪ
ንኹሉ ትሓቑፊ ሓላል መሬት ኔርኪ።

እወ! መሬት ለባማት ኔርኪ፡ ትኸብሪ ትናስሒ
ብቐንዕና ዝፈርዱ፡ ዝጸልኡ ድንቀኁርና ዓሻ ጐርሒ
ህርኩታትን ጀጋኑን ወሊድኪ፡ ብማዕዶ ትፍርሒ።

እንታይ`ዩ ድኣ ጸገምኪ ኣንቲ ሓላል መሬት?
ከመይ  ይደግሰኪ ዝሰበርኪዮ መቑሕ ህይወት
ኣብ ጎልጎል ምስ ወጻእኪ  ወዲእኪ ዓቐበት፤
ስለምንታይ መንእሰያትኪ ይፍረዱ ንጥፍኣት ከርተት
ንምዕባሌኺ ምእንቲ ክሰርሑ ዝዓጥቁ ፍልጠት፣
ስለምንታይ ዝማስኑ ኣብ በረኻ ኣብ ወፍሪ ባርነት።

ስለምንታይ ትኾኒ መዓንደር ጠለምቲ መሬት  ጕሕለት፣
መሬት ሓቂዶ ከይነበርኪ ሃገር ስሕለት
ሱባኤ እተዊ፡ ንስዉኣትኪ ሕተትዮም ምሕረት።

እንታይ`ዩ ምስጢሩ ዓጸፋ ሽግርኪ
ብልጭ ህልም ዝበለ ብርሃን ናጽነትኪ፣
ከመይ ኢልኪ ክትምዕብሊ ደቅኺ ኣባሪርኪ
ንውሽጢ እናዘዓገ ወሓዚ ንብዓትኪ
ካንዶ ኣየትረፍክን ላህመት፡  ዘውሕሱ ድሕነትኪ!

***ኤሪትረያ!**

እሞ ክዛረብዶ ኣዴኹም ሕዝንቲ ኤርትራ

ንዘመናት ዘኻፈኹ ሓሳረ መከራ
መብረ ዝሰኣንኩሉ ዝህበኒ ትንፋስ ተራ።

በሉ ጽን ኢልኩም ስምዑኒ ታሪኸይ ክነግር
መጻኢ ወለዶ ተማሂሩ ምእንቲ ኪዝክር
ታሪኸ ረሲዑ ፍትሒ ከዕብር።

ብምብራቕ ጸጋ ቀይሕ ባሕሪ ተጸጊዐ
ማዕጾ ንግድ ኮይነ ፋኑሰይ ወሊዐ
እነብር ነይረ እየ ከቢረ ኮሪዐ።

ምድሪ ባሕሪ ክጽዋዕ እዝከረኒ
ውልዶ እየ ዝነበርኩ፡ ድንግል መርዓት ዓይኒ
ጸባ ከም ምስታይካ መዓር ዝፈሰኒ
ብዙሕ ዓይነታት ኣዝርእቲ ብዕሙር ዝፈርየኒ።

መሬተይ ርሑስ በግራብ ዝተሰለመ
ንጕሆ ጸሓይ በርቂ ምስ ሰዓቦ ግመ
ፍርቂ መዓልቲ ነጕዱ ዝናብ ምስ ዘነመ
ኣየር ጥዕና ዝነፍሰኒ ንኹሉ ዘልመመ።

ብስልማት እንስሳ ዘገዳም ማዕሪገ ዝሕሎ
ምስ ብዓል ሓርማዝ ነብሪ፡ ኣንበሳ`ውን ኣሎ
ዓይነታት ኣዕዋፍ እሞ ቍጽረን ክንደይ ክብሎ።

ግን ዶብይ ተጣሒሱ ቤተይ ምስ ተደፍረ
ዓውዲ ኲናት ኮይነ ዝባነይ ምስ ሓረረ
እንስሳ ዘገዳመይ ኩሉ ተባረረ።

ከይንዘርእ ዝናብ ኣብዩና ኢልኩም ትኸሱኒ
ዝባነይ ዓሪቑ ኮይነ ቃልዕ ረስኒ
ናብ ምድረ በዳ ክቕየር እንታይ ተሪፉኒ።

ብዘይ ንሕስያ ኣግራብይ ኣብሪስኩም
ንዓይ ስልማተይ ንዓኹም ህይወትኩም
ጥዑም ኣየር ኣንፈሱ ጠሊ ዝኸዕወልኩም
ዳግም ከም ዘይጥጥዕ ካብ ሱሩ በርቍቕኩም

ከመይሉ ደመና ኪረግእ ዝናብ ክዘንበልኩም።

ወሊደስ ነይረ ጀጋኑ ኪዳን ዘየዕብሩ
ንመግዛእቲ ዝመሓዉ ካብ መዓሙቕ ሱሩ
ብሓርነት ቀሲኑ፡ ብሰላም ክምዕብል ንሓዋሩ።

ምእንቲ ሓርነትኩም ህይወቶም ከይበቐቑ
ዘይትዝክሩ የሕዋትኩም/ኣሓትኩም ኣብ ኲናት ዝወደቑ
ካንዶ እቲ ኒሕኩም ተባሕጕጕዩ ተፋሒቑ።

በላዒ ከሎስ ዘራኢ ይሕጎስ ከም ዝብሉ
ዳግም ዘይትምለስ ህይወቶም ዝኸፈሉ
ተመሊሶም እንተ ዝርእዩናስ እንታይ ኮን ምበሉ!

ኣበይ ኣበልኩም ናብ ቤት ዝኣተኹም ተሰከምቲ ሕድሪ
ከመይ ትም መሪጽኩም እናጸልመተኒ ብውሽጣዊ ከትሪ፣
ላዕላዩ ዝተዘርገ ዒላ ውሽጡ ነይጸሪ
ካብ ጽልኢ ዝብገስ ተግባር ጽቡቕ ነየፍሪ
ኣብ ጸቢብ ረብሓ ዝሰረተ ሃገር ነየዕሪ።

ሰብ ኢለ የዕቢየ ርጉማት ተኸኣሉ
ሕድሪ ስዉኣት ጠሊሞም ዝኾኑ ጐሓላሉ፣
ምስ ኩሉ ጽልኢ እናጻሕተሩ ኣሉ ዝብሉ
ዓለም ፎእ ኢሉዎም፡ ታሪኾም ሓቲሉ፣
ንህዝቢ ረጊጾም ፋሺስታዊ ምልኮም ምስ ተኸሉ
ጸድፊ ኢዮም መሪጾም መላሲ ዘይብሉ።

ዕሩቕ ስልጣን ገቢቶም ሕድሪ ዝጠለሙ
ለይቲ ምስ መዓልቲ ጥፍኣተይ ዝኣልሙ
ኣእምሮኦም ጸልሚቱ ኣእዛኖም ዝጸመሙ
ከመይለ ሕሹኽ ክብሎም ሰናይ ንኽሓልሙ።

ብባርዕ ኲናታት ዓሪቐ ልበይ`ውን ሓሪሩ
ዘጸልመቱዎ ህይወተይ ነባሪ ኪገብሩ
ብጊዜያዊ ጥቕሚ ሕልናኦም ዘዕወሩ፣
ምሁራን ኣለዉ ምስ መለኽቲ ዝሓብሩ
ሕልፈታት ኢዮም ዝመስሎም ኩነታት ዘይቅየሩ።

ካህነት እውን ኣለዉ ማሕላኦም ዝሰበሩ
መንፈሳዊ ተልእኾም ስሒቶም ክብሪ ዝኸሰሩ፣
ብስጋዊ ስስዕቲ ተገዚኦም ሓሶት ዝምስክሩ
መሳርሒ ምልኪ ኮይኖም ኣብ ክንዲ ገቢረ ጽድቅ ዘስተምህሩ፣
እንታይ ክብሉ ይኾኑ መላኺ ምስ ወደቐ ብሰይጣናዊ ግብሩ
ከመይ ይዝንግዑ ሓቂ ከም ዝዕወት ውዒሉ ሓዲሩ።

ንመላኺ ተማእዚዞም ብዓውታ ዝምድሩ
ንሕና ኢና  ሃገራውያን ዝብሉ ተጠሊዖም ከይሓፈሩ፣
ሓርባኛስ ጸረ መንግስቲ`ዩ፡ ደው ዝብል ብመትከል ጸኒዑ ተሪሩ
ሓያል ጽምኢ ሓርነትን ፍትሕ ዝረአ ኣብ ግምባሩ
ወትሩ ድሉው ንድሕነት ህዝቡ ክብሪ ንሃገሩ።

ይኣክል ምርዓም ኣብ መሪር ተመክሮ
ዕሩቕ ስልጣን ዝገበተ፡ ኣሰር ፍትሒ ዘይነበሮ
ንተስፋ ናጽነት ዝሓነቐ ከም ዓጽሚ ጎረሮ።

ኵናት ሓድሕድ ኣባሪያም ልቢ ህዝቢ ዘሕዘኑ
ኣሕዋትን ኣሓትን ኣፋሊሶም ፍቕሪ ሓርበኛታት ዝደወኑ
ዘርኢ ክርዳድ እብሎም ብድፉኑ
ጕሓፍ ታሪኽ ዘይቅበሎም፡ ይትረፍ መራሕቲ ሃገር ኪኾኑ።

ኣቱም እክብ-ፍንጥሕ ትብሉ በዓል ተቓውሞ
ኢኹም ናሕሲ ዘይብሉ ዝፈረሰ ህድሞ
ህዝብኹም ኣይተጽሉሉ፡ ኣይተዕቅሉ! በዓል ዘርሚዘርሞ።

እታ ስልጣን ዋንኣ ህዝቢ ምኳኑ እንተ ትግንዘቡ
ብባህሪኣ ትብጽሖ፡ ብመሪር ቃልሲ ክረኸባ ተቐሲቡ
ብወግዒ ዝዕድላ`ያ፡ ክብደታ ንዝርድኡ፡ ንሃገር ዝሓስቡ።

ኣነ እኮ እየ ሕሉብኩም ንጹፍኩም
እንተ መቓቐልኩሙኒ ፍጹም ነይኮነኩም
ኣይትኹኑ ፈተውቲ ጓኖት፡ ነፋጋት ንኣሓት-ኣሕዋትኩም።

ጽላል ወለድን ብርሃን ደቃን ዝሓረማ
ሓድሕድ ምክብባርን ስኒትን ዝሃደማ፡
ዝተደወነት ስድራ ቤት፡ ዝተሰብረ ቅስማ
ከመይላ ክትከውን ማዕከን ተስፋ፡ ናይ መሬታ ግርማ!

ክሳብ መዓስ ክትጕዓዙ ብፍርሃት ተመቍሕኩም
ሰኣን እምቢ ብሓድነት ንገሃስቲ መሰልኩም፣
ፍርቂ ህሉዋት ኣይትኹኑ ምውታት ብደውኩም
ጸልማት ፍርሃት ኣውጽኡዋ ካብ ውሽጥኹም
መንፈስኩም ይጽናዕ፣ ክትቀስን ክብርቲ ህይወትኩም።

ደቀየ! ካብ ቀደም እንተ ትሓብሩ ትፋቐሩ
ጸላእቲ ኣይምሓሰቡን ንምውራር ኪደፍሩ
ኣይምኸኣሉን ኣብ ቤትኩም ኣቲዮም ኪዕንድሩ።

ዓዲ ኣቲኹምሲ ትወፍሩ ንበረኻ
ሓሬትዶ ይልመን ጸባ ላም ኩዒኻ
ባዕልኻዶ ይፈሓስዩ ኣሳሪ ማሕለኻ።

ደቀየ! ኣይተቋሙቱ ንጥፍኣት ንስደት
ኣዴኹም ከለኹ ኣብ ጸልማት ደልሃመት
ኣስተውዕሉ! ካብ ገዛኻ ወጺእካ የለን ምሉእ ክብረት፤
ቤትኩም እንተ ትሃንጹ ብፍቕሪ ሓድነት
ምህርቲ ራህዋ ምሓፈስኩም፣ ምነበርኩም ቅሱን ህይወት
ጩራ ምዕባለ ምዓሰለኩም፣ ምስ ምሉእ ብርሃን ሓርነት።

ብሩህ መጻኢየይ ክዉን ንኽትገብሩ
ግህሰት ምልካዊ ስርዓት ኪውቃዕ ግምባሩ፣
ደቅይ ተባረኹ፣ ተሳነዩ፣ ሕበሩ ስመሩ
ሽሙ ዝጠፍኦ ንህቢ ከይትኾኑ፣ ማዕዶ ከይትሰፍሩ።

ሓቢርኩም ተጕዓዙ ብቕኑዕ መንገዲ
ከይወርደኩም ናይ ታሪኽ ከቢድ ፍርዲ
ፍርሃትን ምጥርጣርን ኣወግዱ፣ ሃስዩ ሕማቕ ልምዲ
ናጻ ርእይቶኹም ኣፍስሱ፣ ብልዙብ ናይ ዘተ ምኣዲ።

ጕንዲ ነገር ሓዙ ኣብ ክንዲ ጫሌዳ
ብሓባር ምኸሩ ከይበዝሓኩም ዕዳ
ካብ ሕሉፍ ተመሃሩ ናይ ቀዳሞት ማዕዳ።

ድምቕቲ ኮኾብ ጽባሕ ብስራት ሓርነትኩም
ቈልዓ ሕድሪ ኢ.ያ ህያብ ስዉኣትኩም
ምእንቲ ክትቀስኑ ክትከብሩ ኣብ ቤትኩም

ከተዕብዩዋ ይግባእ ብስኒት ሓድሕድኩም
ቀውዒ የለን ጽባሕ ሎሚ ከይዘራኩም።

ሎሚ ኢያኮ ናይ ጽባሕ መሰረት
ኣዕሚቑኩም ሕሰቡላ ከይትስሕቱ ኣንፈት
ጣዕሳ ዋጋ የብሉን ከም ውሕጅ ምስ ሓለፈት።
ተስፋ ኣይትቑረጹ፡ ኣይተዕርቡ ሕልና
ኣዴኹም ከይነብር ኣብ ጸልማት ጽሞና፡
ከይትጠፍኡኒ ኣብ ስደት ዓዲ ጓና፣
ወሓዚ ደም እኮዩ ፈሲሱኒ ዝውሕጥ ሸኾና
ኣይትዓሸዉ፡ ንኹሉ ኣስተውዕሉ ይሕደርኩም ልቦና።

ምንብልባል ሰንደቕ ዕላማ ምልክት ናጽነት
ፍትሒ እንተ ዘይብሉ መሰረት ሓድነት፣
መሰል ምግላጽ ርእይቶ ትንፋስ  ምስ ሰኣነት
ከመይላ ክትበርህ ቀንዴል ናይ ሓርነት፣
ትርጉም ኣልቦዩ ሰላም ዘይብሉ ህይወት
ስርዓት ምስ ዘይትከል ዘውሕስ ቅሳነት።

ተንስኡ! ዕጠቑዋ ሕድሪ ናይ ስዉኣት
ኲስኲሱኒ! ከውሕሰልኩም ምልኣት ጸጋ ህይወት፡
ክትኮኑ በእምሮ ጥዑያት ብኣካል  ድልዱላት
ተመራመሩ! ክትኮኑ ሊቃውንቲ ለባማት ንቑሓት።

ምንም እንተ ዓመቔ ኣብ ምውግሑ ዘሎ ጸልማት
 ምውግሑ ዘይተርፍ`ዩ ብሕጊ ባህሪያት
ሓርነት ኣፍቅሩ፡ ክትኮኑ ንጹሃት ጽኑዓት።

ግዝኣተ ሕጊ ትኸሉ፡ መስርቱ ደሞክራሲያዊ ስርዓት
ባይቶ ፍትሒ ኣቑሙ፡ ናይ ኣቦታትኩም ንያት
እዚ`ዩ ቃለይ፡ ሓደራ ከይርሳዕ ፍጹም ከይስሓት።

**ልዋም ሃገረይ!**

ጉራጉራ ከስዐ ኣደ ኣይኮነን ናይ በይንኺ ጸገም
ገሊኦም ይኾኑ ምሩቓት ርሑሳት፡ ካብ ጻዕሪ ዘየብሉ ሰለም
ገሊኦም ይኾኑ እከያት፡ ሳሕዳያት ዘርኢ መርገም

**ኩለን ኣዴታት ዝሓልፍኦ ኣብዛ ዘለናያ ዓለም።**

**ኣጆኺ! ኣይቐምስል ዓሚቑ ሱር ተስፋኺ**
**ምዕሩግ ባህልኺ ኣይህሰስ፣ ኣይሰበር ቅስምኺ**
**ኣብ ዝኸድናዮ እንኾርዕ ምስ ሓዝናዩ ንዓኺ።**

**ስለዚ፣ ህዝብኺ ነኣሽቱ ምስ ዓበይቲ**
**ክንቃለስ ኢና ክትኮንልና ምዕብልቲ ጽግውቲ**
**ክትመጽእ ኢያ ራህዋ  ትሓፍስላ ርሕስቲ መዓልቲ**
**ኪወግሕ ግድን`ዩ ድሕሪ ነዊሕ ጸልማት ለይቲ።**

**ሓርነትን ፍትሕን፣ ራህዋን ሰላምን ንህዝቢ ኤርትራ!**
**ክቡር ዘለዓለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና!!**

**************************************************
******************************